## ንኽትፈልጦም ኣገደስቲ ነገራት

# ክትባታት

Folkhälsomyndigheten
PUBLIC HEALTH AGENCY OF SWEDEN

**ኵሎም ቆልዑ ኣብ ሽወደን፡ ኣንጻር ዓሰርተ ክልተ ዝኾኑ ከበድቲ ሕማማት ክትባት ይዳሎወሎም'ዩ። እዞም ክትባታት'ዚኦም፡ ብድሌትካ እትወስዶምን ብነጻ ዚወሃቡኻን እዮም።**

ንኣሽቱ ሕጻናት፡ ክሳብ'ቲ ትምህርቲ ዚጅምሩሉ ጊዜ፥ እቶም ክትባታት ኣብቲ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት” (barn-avårdscentralen - BVC) እዩ ዚወሃቦም። ብድሕሪ እቶም ዚቕጽሉ ክትባታት ግን፥ በቲ ”ጥዕና-ተመሃራይ” (elevhälsan) ኣቢሉ'ዩ ዚወሃቦም።

ገለ ካብቶም ኣብ ናይ ቆልዑ ”መደብ-ክትባታት” (vaccinationspro-grammet) እቱዋት ዝኾኑ ሕማማት፥ ኣብ ሽወደን ዘይልሙዳት'ዮም፥ ኣብ ካልእ ክፋላት ናይ ዓለም ግን ዘሎዉ'ዮም። ክትባት ምውሳድ፡ ንቖልዓ ካብዞም ሕማማት'ዚኦም ንምክልኻል እትጥቀመሉ፥ እቲ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዝኾነ ኣገባብ እዩ።

### ክትባታት ኣብ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት”

- ኣብ ሽዱሽተ ሰሙን ዕድመ፡-
  እቲ ቀዳማይ ክትባት፡ ንረኽሲ ”ሩታ-ቪሩስ” (rotavirus) ንምክልኻል ዚወሃብ'ዩ።

- ኣብ ሰለስተ ወርሒ ዕድመ፡-
  እቲ ካልኣይ ክትባት፡ ንረኽሲ ”ሩታ-ቪሩስ” (ro-tavirus) ንምክልኻል ዚወሃብ'ዩ።
  ኣብዚ ጊዜ ውን፡ ናይ ሸውዓተ ካልኦት ሕማማት፡- “ሕማም-ጉሮር/”ዲፒቲ፡ ኣንቅጺ/ቲታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታ፡ ፖልዮ፡ ሂብ፡ ነዱሞኮከር ከምኡ ውን ሀፓቲት-B፡ ፋላማይ ክትባታት ኪወሀብ'ዩ።

- ኣብ ሓሙሽተ ወርሒ ዕድመ፡-
  ኣብዚ ጊዜ'ዚ፡ እቶም ንቖልዓ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ዕድመ ዝተዋህቡ ናይ ሸውዓተ ሕማም ክትባታት ካልኣይ ዙር ክትባታት ደጊምካ ይወሃቡ።

- ኣብ ሓደ ዓመት ዕድመ፡-
  እቲ ሳልሳይ ዙር፡ ኣንጻር'ቶም ሸውዓተ ሕማማት፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒን ኣብ ሓሙሽተን ወርሒን ዝተወሰዱ ክትባታት፥ ከም ብሓድሽ ይወሃቡ።

- ኣብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዕደመ፡-
  ክትባታት ኣንጻር ንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ፍሮማይን ይወሃብ።

- ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ፡-
  ደጊምካ፡ ናይ ”ሕማም-ጉሮር/ዲፒቲ”፡ ኣንቅጺ/ቲታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታን ናይ ፖልዮን ክትባታት ይወሃብ። እዚኦም፡ ኣብ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት” (BVC) ዚወሃቡ፥ እቶም ናይ መወዳእታ ክትባታት እዮም።

### ክትባታት ኣብ ቤትትምህርቲ - ኣብ ”ጥዕና-ተመሃራይ”

- 1ይ-2ይ ክፍሊ፡-
  ካልኣይ ዙር ክትባታት ኣንጻር ንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ፍሮማይ ይወሃብ።

- 5ይ-6ይ ክፍሊ፡-
  ኵለን ደቂ ኣንስትዮ፥ ካብ ካንሰር ንምክልኻል፡ ክልተ ክትባታት ኣንጻር ”ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ” (humant papillomvirus – HPV) ይወሃበን።

- 8ይ-9ይ ክፍሊ፡-
  እቲ ሓሙሻይ ክትባታት ኣንጻር ”ሕማም-ጉሮር/ዲፒቲ”፡ ኣንቅጺ/ ቲታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታ ይወሃብ።

### ኣብ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት”

ነታ ኣብ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት” ዘላ ነርስ፥ ኣብታ እዋን'ቲኣ ውላድኪ ከመይ ይስምዖ/ዓ ከም ዘሎ ንገርያ። ሕቶታት እንተ'ሎኪ ሕተቲ፥ ገለ ዘተሓሳስበኪ ነገራት ምስ ዚህሉ ውን ተዛረቢ። መብዛሕትኡ ካብቶም ክትባታት፥ ብመርፍእ ኢኻ ትውግኦም። ስለዚ እቲ መውጋእቲ ኪስምዓካ ይኽእል'ዩ። እታ ኣብ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት” ዘላ ነርስ፥ ኣብቲ ጊዜ ክትባት ንውላድኪ ብኸመይ ከም ትሕዝዮ ክተርእየኪ እያ።

### ኣብ ቤትትምህርቲ

ውላድኩም ኣብቲ ቤትትምህርቲ፥ በታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ'ዩ ክትባታት ዚወሃቦ/ባ። ንስኻትኩም ወይ ውላድኩም ሕቶታት ምስ ዚህልወኩም፥ ምስታ/ቲ ነርስ ተዘራረቡ።

### መደብ-ክትባታት ኣብ ሃገር ሽወደን

ኣብዚ፡ ንኹሎም ናይ ሽወደን ቆልዑ፥ ካብቶም ከበድቲ ሕማማት ንምክልኻል ዚወሃብዎም ክትባታት፡ ክትርኢ ኢኻ።



FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN AUGUSTI 2019 ARTIKELNUMMER 19059-14

# እቶም ውላድካ ምክልኻል-ሕማም ዝረኽበሎም ሕማማት

ኣብዚ ዚስዕብ፡ ገለ ብዛዕባ'ቶም ኣብቲ “መደብ-ክታባታት” እቱዋት ዝኾኑ ሕማማት ክተንብብ ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ድማ፡ እቲ ውላድካ ብክትባታት ጌሩ ኪከላኸሎም ዚኽእል ሕማማት'ዮም።

**ረኽሲ ”ሩታ-ቪሩስ” (Rotavirusinfektion)፡-** ናይ ከስዐ ረኽሲ ኰይኑ፥ ቆልዓ ተቕማጥን ተምላስን ይገብረሉ፥ ብኡ ምኽንያት ድማ ኣካላቱ ከም ዚጸምእ ይገብሮ'ዩ። ኣብ ገለ እዋናት ውን እቲ ቖልዓ፥ ክሳብ ናይ ሆስፒታል ሕክምና ከድልዮ ይኽእል'ዩ።

**” ሕማም-ጉሮር/ዲፒቲ” (Difteri)፡-** ኣዝዩ ተላጋቢን ሓደገኛ ናይ ጎሮሮ ረኽሲን ዘስዕብ ኰይኑ፥ ንህይወት ዘስግእ፡ ናይ ልቢ፡ ናይ ኰላልትን ”ስርዓተ-ነርቫታትን” ጒድኣት ዘምጽእ'ዩ።

**”ኣንቅጺ/ቲታኑስ” (Stelkramp)፡-** ብባክተሪያ ዚመጽእ፡ ኣብ ሓመድን ኣብ መዓናጡ-እንስሳታትን ዚርከብ'ዩ። ቆልዓ እዚ ናይ ”ኣንቅጺ/ቲታኑስ” ሕማም ዘጋጥሞ፥ ብእንስሳ ምስ ዚንከስ ወይ ረሳሕ ቁስሊ ምስ ዘጋጥሞ'ዩ። ሽው ድማ እቲ ቆልዓ፥ ምንቃጽ ጭዋዳታት ስለ ዘጋጥሞ፥ ንምውሓጥን ንምትንፋስን የጻግሞ። ሕማም ”ኣንቅጺ/ቲታኑስ” ኣብ መንጎ ሰባት ኣይመሓላለፍን'ዩ።

**ሰዓል-ትኽትኽታ (Kikhosta)፡-** ሓደ ኣዝዩ ተላጋቢን ከቢድ ናይ ምስዓል ትኽትኽታን ዘስዕብ ኰይኑ፥ እቲ ምስዓል ንነዊሕ ኣዋርሕ ውን ኪጽንሕ ዚኽእል'ዩ። እዚ ሕማማ'ዚ፡ ንሓደ ንእሽቶ ሕጻን ንህይወቱ ኣስጋኢ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**ፖልዮ (Polio)፡-** ነቲ ”ስርዓተ-ነርቭ” ዚጕድእ ኰይኑ፥ ክሳብ ናብ ምልማስ ኣካላት ዘብጽሕ'ዩ። መጕዳእቱ ድማ ንህይወትካ ምሉእ'ዩ።

**”ኣሞፊሉስ ኢንፍሉኣንሳ ዓይነት B” (Haemophilus influenzae typ B - Hib)፡-** ከበድቲ ረኽሲታት ከስዕብ ዚኽእል ኰይኑ፤ እዚ ድማ ብፍላይ ንኹሎም ትሕቲ 5 ዓመት ዘሎዉ ቆልዑ'ዩ። እዚ ”Hib”፡ ናይ ”ሽፋን-ሓንጎል” ረኽሲ ኣስዒቡ፡ ንህይወት ኣስጋኢ ኪኸውን ወይ ውን ንምሉእ ህይወትካ መጕዳእቲ ዘስዕብ'ዩ።

**”ንዩሞኮከር” (Pneumokocker)፡-** ንቖልዓ ናይ እዝኒን ናይ ሶርኖን ረኽሲ ዘስዕብ ኰይኑ፥ ካልእ ውን ኣስጋኢ ዝኾኑ ከም ናይ ሕማም ሳንቡእ፡ ምምራዝ-ደምን ረኽሲ ”ሽፋን-ሓንጎልን” ዘምጽእ'ዩ።

**ንፍዮ (Mässling)፡-** ሓደ ኣዝዩ ተላጋቢ፡ ብርቱዕ ረስኒ፡ ሰዓልን ሹፍታ-ቆርበትን ዚገብር ሕማም'ዩ። እቲ ቆልዓ ውን ናይ ”ሽፋን-ሓንጎል”፡ እዝኒ፡ ሳንቡእ ረኽሲታት ከስዕበሉ ይኽእል'ዩ። ገለ እዋናት ውን ንፍዮ ናብ ሞት የብጽሕ'ዩ።

**ጽግዕ (Påssjuka)፡-** ሓደ ኣዝዩ ተላጋቢ፡ ብቐዳምነት ”ንጽኪታት-ምራቕ” ዘጥቅዕ ሕማም'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ግን፡ ረኽሲ ሽፋን-ሓንጎልን ረኽሲ-ሓንጎልን ከስዕብ ዚኽእል'ዩ። ንኣወዳት ቆልዑ ውን፡ ነድሪ ”ፍረ-ነፍሲ” ከስዕበሎም ይኽእል'ዩ።

**ፍሮማይ (Röda hund)፡-** መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ረኽሱ ፍኹስ ዝበለ'ዩ። ጥንስቲ ሰበይቲ እንተ ለጊቡዋ ግን፥ ናይ ”ምንጻል-ጥንሲ” ዓቢ ሓደጋ ከስዕበላ ይኽእል'ዩ። ወይ ውን እቲ ቆልዓ፡ ከበድቲ መጕዳእቲ ኣጋጢሙዎ ኪውለድ ይኽእል'ዩ።

**”ሁማንት ፓፒሎም-ቪሩስ” (Humant papillomvirus - HPV)፡-** ንቖርበትን ንልፋጫታን ረኽሲ ዚገብር'ዩ። እቲ ርኽሲ ዚርኣየካ ሳሕቲ ጊዚያት'ዩ፥ ብዙሕ ጊዜ ውን ባዕሉ'ዩ ዚሓዊ። እንተ ዘይሓውዩ ግን፡ ናይ ወሃዮታት ምቅይያር ኣምጺኡ፥ ናይ ”ኣፍ-ማህጸን” ካንሰርን፥ ጸኒሑ ውን ኣብ ምንዋሕ ዕድመ፡ ናይ ካልኦት ዓይነታት ካንሰር ዘስዕበልካ እዩ።

**”ሄፓቲት ቢ” (Hepatit B)፡-** ናይ ”ጸሊም-ከብዲ” ረኽሲ ዘስዕብ'ዩ። ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት እቲ ረኽሲ ባዕሉ'ዩ ዚሓዊ። ገለ ጊዚያት ግን እቲ ቪሩስ፡ ኣብቲ ኣካላትካ ይጽፈ'ሞ፡ ናይ ”ጸሊም-ከብዲ” መጕዳእቲ ወይ ኣብ ምንዋሕ ጊዜ ድማ፡ ”ካንሰር ጸሊም-ከብዲ” የምጽእ። ነቲ ሓደጋ ዓቢይ ኪገብሮ ዚኽእል፥ እንተ ደኣ ብቖልዓኻ ለጊቡካ ጸኒሑ'ዩ።

ኵሎም'ቶም ብመሰረት'ቲ ”መደብ-ክትባታት” ዚወሃቡ ክትባታት፥ ኣብቲ ”Folkhälsomyndigheten” ዚበሃል “ቤትስልጣን ምክትታል ጥዕና ህዝቢ”፥ ኣብ ሓደ ሃገራዊ መዝገብ-ክትባታት ይጽሓፉ እዮም። እዚ መዝገብ'ዚ፡ እቲ ”መደብ-ክትባታት” ብግቡእ ይስዓብ ምህላዉ ንምክትታል መታን ኪጥዕም ተባሂሉ ዝተዳለወ'ዩ።

---

**ዝበልጸ ንምፍላጥ'ዶ ትደሊ?**
ምስቲ እቲ ውላድኩም ዚኸደሉ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናትን”፤ ኣብቲ ዚኸደሉ ቤትትምህርቲ ምስ ዚርከብ ”ጥዕና-ተመሃራይን” ርክብ ክትገብሩ፥ ኵሉ ጊዜ ዕዱማት ኢኹም። ኣብዚ ዚስዕብ ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ክተንብብ ይክኣል'ዩ፡-

- 1177.se
- Folkhalsomyndigheten.se
- Lakemedelsverket.se